ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ኣብ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 04 ብልዕሊ መስግድ ኣብ ዝወስድ መንገዲ ጠቅላላ ስፍሓቱ 246 ካ/ሜትር ዝኮነ 4ተ ገዛውትን ዙሪያ መካበቢያን ዘለዎ ሽንት ቤት ዝተደብደቦን ገዛን ቦታን ክሸወጥ ኣዚዙ ኣሎ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መጋቢት 26, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 28, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 28, 2017 6:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ገዛ/ህንፃ ሓራጅ/

መ/ቁ 3878

ምልክታ ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት፦ ወ/ሮ ሰለማዊት ሓጎስ ኣ/ሻ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 04

ኣፈ/ተኸሳሲ፦ ኣይተ ጥዑም በርሀ ኣ/ሻ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 04

መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር መበገሲ ዝኮነ ኣብ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 04 ብልዕሊ መስግድ ኣብ ዝወስድ መንገዲ ብድሕሪ ገዛውቲ በር ኣግኣዛዊያን ዝወርድ መሰቀለኛ ቦታ ዝርከብ ኣዋሳንኡ፦

| | |
|---|---|
| ብምብራቕ፦ መንገዲ | ብምዕራብ ሎታ:- ቁፅሪ 1122 |
| ብሰሜን ፦ ሎታ ቁፅሪ 1125 | ብደቡብ፦ መንገዲ |

ዝዋሰን ጠቅላላ ስፍሓቱ 246 ካ/ሜትር ዝኮነ 4ተ ገዛውትን ዙሪያ መካበቢያን ዘለዎ ሽንት ቤት ዝተደብደቦን ገዛን ቦታን ፤ ናይ ጨረታ መከበሪ ብር 30,000( ሰላሳ ሽሕ) ኣብቲ ቦታ ንዝስየም ናይ ጨረታ ኮሜቴ ከትሕዝ ዝክእል ፣ ናይ ጨረታ ኣሸናፊ ምስ ኮነ ድማ እቲ ዘሸነፈሉ መጠን ገንዘብ በቲ ዕለት ድሕሪ ሰዓት ቐሪቡ ክኸፍል ዝክእል ፣ ክጫረት ዝደሊ ዝኾነ ይኩን ሰብ እንተሃልዩ ብመበገሲ ዋጋ እንተይተገደደ ብዕለ 17/08/2017ዓ/ም እቲ ገዛ ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ብኣካል ቐሪቡ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ብምስዳድ ካብ ሰዓት 4:00 ናይ ንጎሆ ክሳዕ ሰዓት 6:00 ናይ ቐትሪ ንክጫረት ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ኣዚዙ ኣሎ።

ከተማ ዓዲግራት ቤት ፍርዲ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle